ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

Executive Committee

ensf.ex@gmail.com

# ቃል ሓዘን ብመስዋእቲ ዓቢ ተጋዳላይ ዓሊ መሓመድ እድሪስ (ዓሊ ጋሽ)

ክቡር ብጻይና ተጋዳላይ ዓሊ መሓመድ እድሪስ (ብዓሊ ጋሽ ዝፍለጥ) ድሕሪ ከቢድ ሕማም ብዓርቢ 31 ጥሪ 2025 ኣብ ከተማ ፖርትሱዳን ብመሳዊቲ ካባና ብምፍላዩ መሪሪ ሓዘን ተሰሚዑና።

ሰዉእ ዓሊ ጋሽ ብተወፋይነት ሃገራውን ውደባውን ተራኡ ዝፈጸመ ጅግና ተጋዳላይ እዩ ነይሩ።



ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ዓቢ ሕማም እኳ እንተ ኣጋጠሞ፡ ህዝቡን ሃገሩን ግን ካብ ኣእምሩኡ ፈጺሞም ኣይረሓቑን።

ሰዉእ ተጋዳላይ/ ዓሊ ጋሽ ኣብ ዝተፈላለዩ ውድባዊ ጽፍሕታት ተመዲቡ ዝሰርሐ ኮይኑ፡ ቅድሚ ምሕማሙ ኣባል ማእከላይ ባይቶ ውድብና ኮይኑ፡ ኣብ ዞባ ሱዳን ከም ወኪል ፖለቲካውን ስርዒታውን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ሓላፍነት ተሰኪሙ ዝነኣድ ስራሓት ዝፈጸመ ብጻይ ኢዩ። ኣብ ዝተዋፈረሉ መደብ ብትግሃትን ብኹሉ ዓቕሙን ግቡኡ ዝፍጽም ተጋዳላይ ምንባሩ ኩሎም መሳርሕቱ ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ። ኣብ ሓፈሻዊ ውደባዊ ኣኼባታት ዝገብሮ ዝነበረ ኣስተዋጽኦ፡ ብሰንኪ’ቲ ኣብ ኩሉ ምስ ኤርትራን ህዝባን ከባቢኣን ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ምዕቡል ሃገራዊ ራእይ ምውናኑ፣ ኣብ መሰረታት ውድብናን ካድራቱን ፖለቲካውን ስርዒታውን ንቕሓት ኣብ ምዕባይ ልዑል ጽልዋ ኣሕዲሩ እዩ። ፣

ብመስዋእቲ ክቡር ብጻይና ዓሊ ጋሽ ዝተሰማዓንና መሪር ሓዘን ብምግላጽ ንክቡራት ስድራ ቤቱን ንኹሎም ሃገራውያን ተቓለስቲ ብሓፈሻ ንተቓለስቲ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ድማ ብፍላይ ጽንዓትን ኣኻእሉን ይሃበና። ንሰዉእ ብጻይና ድማ ልዑል ፈጣሪ ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ይቀበሎ።

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
01/02/ 2025 ዓ.ም